# ሰንበት ዘአብርሃም

## ነሓሰ 26 2016 ዓ.ም. ( 9/1/2024)

**መዝሙር፡** ሰንበት ትዓቢ እምኵሉ ዕለት...ሰንበት ካብ ኩሉ ዕለታት ትዓቢ ሰብ ከአ ካብ ኩሉ ፍጥረት ይኸብር፥ ኖኃ አብ ውሽጢ ታቦት እንከሎ አዕበያ፥ አብርሃም አብ ቅድሚ ምስዋዕ አኽበራ፥ ሙሴ ንሰንበት አብ ሰፈር ብጽድቂ ከኽብርዋ አዘዞም። ጎይታ ንደመናታት አብ ምድሪ ብመዓልቲ ሰንበት ዝናም ከውርዱ አዘዞም፥ ሰንበት ካብ ኩሉ ዕለታት ትዓቢ ሰብ ከአ ከብ ኩሎም ፍጥረት ይኸብር።

**ንባባት፡** ዕብ 7፡23-ፍ፥ ያዕ፡ 2፡14-19፥ ግ.ሓ. 7፡1-9፥ ሉቃ 12፡16-27።

**ምስባክ፡** ወሓመልማለ ለቅኔ እጓለ እምሳያው፥ ዘይህቦሙ ሲሳዮሙ ለእንስሳ፥ ወለዕጓለ ቋዓት እለ ይጼውዕዎ። ሓምላይ ንጥቕሚ ደቂ ሰብ፥ ሣዕሪ ንእንስሳ የብቊል፥ ንዝጽውዕዎ ጨቓውቲ ኳኺት ከአ መግቢ ይህቦም መዝ. 147፡8-9።

እዚ ሒዝናዮ ዘሎና ዘመን ካብ ሰነ 26 ክሳብ መስከረም 25 ዘሎ ዘመነ ክረምቲ ኢልና እንጽውዖ ኮይኑ ስሙ ከም ዝሕብሮ ካብ ቋንቋ ግዕዝ ዝመጸ ካብ ከርመ ዝብል ዝመጸ እዩ። ትርጉሙ ወርኃት ዝናም፥ ነጎድጓድ፥ ዘመነ ባሕር፥ ዘመነ አፍላግ፥ ዘመነ ጠል፥ ዘመን ደመና፥ ዘመነ መብረቅ ማለት እዩ። ነቲ አብ እዋናት ክረምት ዝገጥም ባህርያዊ ነገራት ብምዕዛብ ምስ መንፈሳዊ ሕይወት አተሓሒዙ ክነስተንትኖ ይሕግዘና። አብ ባሕርያዊ ነገራት ምሕረትን ፍቕሪ አምላኽን ርኢኻ ምኽአል። አብ ጽባቔ ተፈጥሮ ብምዕዛብ ነቲ ከአል ኩሉ አምላኽ ዕብየቱን ክእለቱን ተዓዚብካ ክተመስግን ምኽአል ንአና ንደቂ ሰብ አብ አምላኽ ክንቀርብ ይሕግዘና።

ወርኂ ነሓሰ ብፍላይ ፍሉይ መእኽቲ የመሓላልፈልና፥ ዘራእቲ አብ ተስፋ አምሪሑ ብሩህ ፍረ ማሕረስ ዝርአየሉ ዕምባባታት ፍሉይ መልክዕ ንምድረ ሰማይ አልቢሶሞ ክርኤ እንከሎ ፍሉይ ምስጢር ፍጥረት ክንዕዘብ ይሕግዘና። ነዚ ኹሉ ዝገብር አምላኽ ክነመስግኖ እሞ አብኡ አሚና ምስኡ ዘሎና ርክብ ክንሕድሶ ዝሕግዘና እዋን ኢና ዘሎና።

አብዚ እዋን ብፍሉይ ካብ ነሓሰ 10(ማኅበረ በኵር)- 28 ዘሎ አብርሃም፥ እጓለ ቋአት፥ ደሰያት፥ ዓይነ ኩሉ ዝብል ሰናብቲ ሒዙ ይርከብ ነናቱ መልእኽቲ ዝሓዘ እዩ። ሰብ ክቡር ፍጥረት እዩ አምላኽ ፍሉይ ፍቕሪ ስለ ዝገበረሉ ካብ ኩሎም ፍጥረታት ክቡር ይብሃል። ነዚ ፍሉይ ተፈጥሮ አምላኽ ንፍሉይ መደብ እዩ ንሰብ ሂብዎ። ተኻፋላይ ጸግኡን መዋርስቱን ገሩ ብሂጉ ፈጢርዎ። ተፈጥሮና ከስ ምስ አምላኽ ክነብር እዩ። ፍቕሪ አምላኽ አብ ኩሉ ተፈጥሮን አብ ኩሉ ሕይወትናን ክንግዘቦ ንኽእል። ክረምቲ ፍሉይ መልክዕን ትእምርትን ይርአዮ። ዘራእቲ እንተ ረሔና ከምኡ ደመናታትን ባህሪ ክራማት ኩሉ ንምስጢር ተፈጥሮን ክብ የብሎ። ነዚ ባሕርያዊ ነገራት ተዓዚብና ናብ አምላኽ ክንምለስ እዩ እቲ መልእኽቲ።

ወንጌል ሉቃስ ብዛዕባ ሓደ ሃብታም ሰብ እትዋቱ ርእዩ አብ ነፍሱ ጥራሕ ዝሓሰበ ይነግረና። አብ ካልኦት ገጹ አይጠመተን ንርእሱ ተሓጊሲ ነፍሰይ ንብዙሓ ዓመታት ዝኸውን ቀሪበልኪ አሎኺ እናበለ አብ ርእሱ ጥራሕ ዘተኮረ ክዛረብ እንከሎ ይነግረና። ንሱ ዝግድሶ ንርእሱ ጥራሕ እዩ። አብቲ ዝአከቦ እኽሊ ይገብር እምነቱ። አብ እኽሉ አብ ሓይሉ አብ ክእለቱ ጥራሕ የተኹር። ካብ ርእሱ ክወጽእ አይ ከአለን። በዚ ርድኢት ተበጉሱ መጻኢ ሕይወቱን ነፍሱን ባዕሉ ከም ዝውንን ገሩ ይሓስብ። እዚ ሰብ እዚ ዓለሙ አብቲ ንሱ ዝሓሰቦን ዝውንኖን ጥራሕ ዝተሓዝኤ እዩ። ሰብ ብሃብቱ ብኽእለቱ ብመልክዑ . . . . . ምስተገዝኤ መጀመርያ ዝገብራ ንአምላኽ ካብ ሕይወቱ የውግኖ ባዕሉ ፈጣሪ ባዕሉ ኩሉ ገባሪ ገሩ ይሓስብ ሽዑ እሱር ናይ ገዛእ ርእሱ ኮይኑ ይነብር። ቀጺሉ አብ ናይ ርእሱ ጥቕምን ድለትን ጥራሕ ተወሲኑ ንኸምኡ ሰብ ክጥምት የጸግሞ እሞ ከም ዕዉር ኮይኑ ይነብር ንሓዉን ሓፍቱን ከበርክቶ ዝግብኦ ነገራት ገዲፉ አብ ገዛእ ርእሱ ዳንከራ ሓጎስ እናሃረመ ይነብር። ካብ ከምዚ ሕይወት ክንወጽእ ናይ ሎሚ ሰንበት ዕድመ የቕርበልና።

ንአምላኽ ቦትኡ ኣብ ሕይወተይዶ እህቦ ኣሎኹ? ንከማይ ሰብ ኣብ ምሕጋዝ እወፍር ዘሎኹ እናበልና ሕልናና ክንሓትት ንዕደም ኣሎና።

እዚ ሃብታም ሰብ ድሮ መይቱ እዩ። ድሮ ኣብቲ ዝኣከቦ እኽሊ ተቐቢሩ እዩ። ዓለሙ ምስ ካልኦት ደቂ ሰባት ወይ ካልእ ዕድላት ሓንቲ ርክብ የብሉን። መቓብሩ በቲ ነባሪ ፍቕሪ ዘይህብ ሃብቲ ይሽልሞ፥ እቲ ሃብቱ ዋሕስ ዝህቦ ገሩ ይሓስብ እንተኾነ ጥራሕ ኢዱ እዩ ዝተርፍ። ሞት ኣብ ኣፍደገ ገዛኡ ምስ ኳሕኮሔት ኩሉ ነገር ገላቢጦሽ ይኸውን። እዚ ሰብ እዚ ክልተ ሞት እዩ መይቱ። ብሕይወቱ ይመውት ከምኡ በቲ መነባብርኡ ይመውት። ብኻልእ ኣዘራርባ ብነፍሱን ብሥግኡን መይቱ። ቀብሩ ዝምስክሮ እቲ ካብ ነውሕ እዋን ዝገብሮ ዝነበረ እዩ ዘጽድቕልና ማለት ካብ መጀመርያ ምስ ኣምላኽ ርክብ ኣይገበረን ኣብ ርእሱ ጥራሕ ተሓዚኡ ዝነብር ዝነበረ ሰብ እዩ።

ኣምላኽ ነዚ ሰብ ዓሻ ይብሎ። እዚ ሰብ ብኣርኣያን ኣምሳልን ኣምላኽ ተፈጢሩ ኣምላኽ ከምቲ ንሱ ዝደልዮ ክነብር ነጊርዎ እንተኾነ ካልእ መገዲ መሪጹ። ኣምላኽ ሕይወቱ ሂብዎ እንከሎ ንሱ ሕይወቱ ንኣምላኽ ክህብ ኣይደለየን። ቅዱስ ጳውሎስ ከምዝብሎ ንፍስና ንፈጣሪእ ክትመስል ኩሉ ጊዜ ክትሕደስ ኣልኣ ይብለና። ኣምላኽ ካብ ፍቕሪ ተላዒሉ ካብ ርእሱ ወጺኡ ናባና ይመጽእ። ርእሱ ምእንታና ሂቡ። እዚ ሃብታም ሰብ ኣብ ርእሱ ተሓጺሩ ተሪፉ ካብ ርእሱ ክወጽእ ኣይከኣለን፥ ምስ ካልኦት ክማቐል ኣይደለየን ስለዚ ንበይኑ ተሪፉ።

## ኢየሱስ ርእሱ ሂቡና፡

ከምዚ ሃብታም ሰብ ዘይኮነ ኢየሱስ ርእሱ ይህብ። ኩሉ ሕይወቱ ክምሕር ንኻልኦት ርእሱ ከፍልጥ፥ ኩሉ ናቱ ዘበለ ንኻልኦት ክህብ ተረኺቡ። ንርእሱ ዘትረፎ ነገር የብሉን። ኩሉ ዘልኦ ዘበለ ንኻልኦት ኢብዎ ኩሉ ናቱ ናይ ሰማያዊ ኣብኡ እዩ። ንኹሎም ተኸተልቱ ኣብቲ ካብ ኣምላኽ ዝፈልዮም ነገራት ተሓጺሮም ከይተርፉ የጠንቅቖም። ኣብ ናይ እዚ ዓለም ሕይወት ተሓጺርና ከይንተርፍ ይምሕጸነና። ንኣይ ምሰሉ እናበለ ክነብሮ ዝግብኣና ሕይወት ሓቢሩና። ሎሚ እምብኣር ኣሰር ኢየሱስ ዶ እስዕብ ኣሎኹ ኢልና ሕይወትና ክንሓትት ኣፍደገ ተኸፊቱልና ኣሎ።

ኣማናይ ክርስቶስ ንርእሱ ካብዚ ዓለም ናብ ሰማያዊ ዓለም ኣሰጋጊሩ ዝኽእል ክኸውን እንከሎ ጥራሕ እዩ ናይ ብሓቂ ሕይወት ክርስቶስ እነብር ኣሎኹ ክብል ዝኽእል። ኣብ ጉዕዞ ሕይወት ክበድ መስቀል ኣሎ ዓለምና በቲ ዘልኦ ጣዕምን ፍቕርን ኣድራሻና ክንቅይር እሞ ዝተመኽለ ሕይወት ክነብር ትደፍኣና ስለዚ ሎሚ ዝተመኽለ ሕይወት ወይ ኣብ ሃብቲ ኣብ ክብሪ ኣብ ጣዕሚ ጥራሕ ዝተሓጽረ ሕይወት ሒዝና እንተ ኣሊና ክንምለስ ነቲ ግጉይ ሕይወት መልክዕ ክነልብሶ ይሓተና ኣሎ።

ኣምላኽ ብዘይተሓሰበት ዕለት ክመጽኣና እዩ። ስንድዋት ኮና ክነብር ንሕተት ኣሎና። ሞት ኣብ ኣፍደገ ገዛና ክሳብ እትኵሕኵሕ ክንጽበያ እንተ ኾና ከምዚ ዓሻ ሰብ ክንከውን ኢና ስለዚ ሎሚ ሕይወትና ክንርኢ እሞ ኣብቲ ንኣናን ንኣምላኽናን ዘወሃህድ ነገራት ክነተኩር ፍቓደኛታት ንኹን። ከመሎኹ ኢልና ንርእስና ክንሓትት እሞ ኣብ ልብና ኣብ መንፈስና ሒዝናዮ ዘሎ ቅጥራን ኃጢኣትና ሎሚ ኣብ ቅድሚ መድኃኒና ኮና ክንሓጽቦ እሞ ከም በርድ ጻዕዲና ክንርከብ ንበገስ። ጉዕዞና ኸአ ንበይንና ጥራሕ ዘይኮነ ንሓውና ሓፍትና ኣብ ዋዜማ ዓወት ክብገሱ ክንሕግዝ ፍቓደኛታት ንኹን።

ኣብ ሃብትን ጣዕምን ዓለም ተዋሒሒጥና ከይንህሉ ነፍስና ንሕተት። ሕይወትና ብሥጋዊ ነገራት ተማሪኹ ክነብር እንከሎ ጸልማት ከም ዝጎልበቦ ዝረግጾን ዝኸዶን ዘይፈልጥ ኮና ኢና እንነብር ስለዚ ዓይንና ቋሕ ክነብል እሞ ሒዝናዮ ዘሎና መገዲ ክንርኢ ክነለሊ። መንፈስና ደኺሙ ንሰናይ ጎዕዞ ድሕነት ዘንጊዕናዮ ከይንህሉ እሞ ንጥፍኣት ናትና ኢልና ተታሒዝናዮ ከይንህሉ ሎሚ በዚ ብሩኽ ሰንበት ርእስና ንርኤ ንተሓደስ።

ኹሉ ዘሎና ህያብ ኣምላኽ እዩ፥ ንኣገልግሎት ኣምላኽን ከማና ንዝበሉ ሰባት ኢዩ ተዋሂቡና። በቲ ተዋሂቡና ዘሎ ዕርቡን ሰማይ ክንሕዝ ብኣኡ ኣቢልና ንመንግስቲ ኣምላኽ ክንሰብኽ እዩ እቲ

ዝድለ ዘሎ። በዚ ዘሎኒ ህያባ ንሓወይ ሓፍተይ ኣብ ቤት ኣምላኽ ክንመልሶም እሞ ነቲ ኣምላኽ ዝገበረሎም ርእዮም ክኽእሉ ነፍሲ ወከፍና ኢድ እግሪ ዓይኒ ልቢ ክንኮኖም ኣምላኽ ተለኣኺ ይብለና ኣሎ። ነፍሲ ወከፍ ሰንበት ነዚ ክንሔድስ እሞ ቤትና ቤት ኣምላኽ ገርና ክንክእል ቆሪጽና እንወፍርሉ ጊዜ ስለ ዝኾነ ልብና ንኽፈት።

ቃኤል ሓውካ ኣበሎ ተባሂሉ ምስ ተሓተ ሓላው ሓወይዶ ኮይነ ኢሉ መሊሱ በዚ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክብረት ኣይረኸበን ኩሉ ዝቐትሎ ኮይኑ ተሰሚዕዎ ክሃድም ይነብር ነሩ። ሰብ ሕልንኡ ብኃጢአት ምስ ጎልበቦ ፍርሒ ዘይምቕሳን ምጭናቕ ስቓይ እዩ ዕጭኡ። ዓለምና ሎሚ ብዙሓት መንፈስ ቃኤል ዝማረኾም ኣብ ቅትለትን ክፍአት ሓዎምን ሓፍቶምን ዝወፈሩ መሊኦማ ኣለዉ። ንሓውናን ሓፍትናን ብኽልተ ነገር ኢና ክንቀትሎም እንኽእል ብመንፈስን ብሥጋን፥ ሥጋዊ ቅትለት ኩሉ ኣብዚ እዋን ዝርኤ ካብ ጽንሲ ምስዳድ ክሳብ ብዝተፈላለየ ነገር ብሥግኦም ምዉታት ከም ዝኾኑ ምግባር ውግእ ከምኡ ብስግኦም ከም ዝሞቱ ምግባር፥ ካልኣይ ዝገደደ ቅትለት መንፈሳዊ ቅትለት እዩ ብሕማቕ ኣብነትን ጽልዋ ብምሕዳርን፥ ሕመታ፥ ንሓቂ ከይፈልጡ ብዝተፈላለይ መንገዲ ምዕጋት፥ ብዘሎካ ክእለት ምትላል እሞ ንሓቂ ምኽዋል፥ ቀተልቲ ኣሕዋትና ክንከውን ንኽእል ኢና። ኣምላኽ ንሓውናን ሓፍትናን ኣብ ኣፍደገ ሰማይ ክንመርሖም እዩ ዝደልየና ስለዚ መንፈስ ቃኤል ካብ ሒይወትና ቀንጢትና ኣብቲ ደቂ ኣምላኽ ዝገብር ነገራት ንመለስ።

ዘንጊዕና ከይንህሉ፥ ደቂስና ከይንህሉ፥ ጠሊምና ከይንህሉ ሕልናና ንመርምር። ንኣምላኽ ብናይ ምቖት ነገራት ተታሊልና ጠፊእናዮ ወደይ ጓለይ ጠፊኦምኒ ኢሉ ኣበሎኹም ይብል ከይህሉ ሎሚ ንበራበር።

ኣብዚ ንሓዲስ ዓመት ከም ኣቆጻጽራ ዓድና ኣብ እንቀራረበሉ ዘሎና ጊዜ ብመንፈስ ተሓዲስና ንሓዲስ ዓመት ክንኣትዎ እሞ ንኣምላኽ ኣብ ሕይወትና ቦታ ክንህቦ ንመገዲ ቅድስና ክንለብስ ፍቓደኛታት ንኹን። ኣምላኽ ጸግኡ ኣብዚሑ ኣብ ፍቕሪ የጽንዓና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ